# ዕዉት መደብ
# ተመሃሮ ዓበይቲ ገዳም ዘርኣ ክህነት ከረን፡
# ኣብ ክረምታዊ ሓዋርያዊ ግብረ ተልእኮ፡



ተመሃሮ ገዳም ዘርኣ ክህነት ከረን፡ ኣብ እዋን ክረምቲ ነተን ናይ ክልተ ወርሒ ዕርፍቶም፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቊምስናታት ብምካድ፡ ትምህርቲ ክርቶስ ከምህሩ፡ እዮም ዘሕልፍወን። እዚ መደብ ካብ 1996 ዓ.ፈ ዝ- መረ ኮይኑ ክሳብ ሕጂ ብስሩዕ ሰበካዐ ብመደብ ሒዙ ዝሰርሓሉ ዘሎ፡ እዩ።

እዚ መደብ ሰበካዐ ክጅምሮ እንከሎ፡ ንጹር ዕላማ ብምሓዝ እዩ። እቲ ዕላማ ናይዚ መደብ ከኣ፡-

1. እቲ ኣብ ቊምስናታትናን ኣብያተ ጸሎታትናን ብካህናትን ብእናቴታት ሃገርና ከምኡውን ብውፍያት ምእመናን ክግበር ዝጸንሓ፡ ምምሃር ትምህርቲ ክርስቶስ ኣብ ዝተሓተ ደረጃኡ ወሪዱ ስለዝተራእየ፡ ሰበካዐ ነዚ ብዕቱብ ተረዲኡ፡ ተመሃሮ ዓቢይ ገዳም ዘርኣ ክህነት ከረን፡ ኣብ እዋን ክረምቲ ነቲ ደከዉሙ ዝጸንሓ፡ ምምሃር ትምህርቲ ክርስቶስ ኣብ ቊምስናታትናን ቤተ ጸሎታትን፡ ከበራብርዎን፡ ከደንፍዕ ዎን ብምባል እዩ።
2. መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለየ ቊምስናታትን ቤተ ጸሎታትን ዝርከቡ፡ ብግቡእ ተጠርኒፎም፡ መንፈሳዉን ሞራላውን፡ ምዕበያ ምእንቲ ክረክቡ፡ ተመሃሮ ዓቢይ ገዳም ዘርኣ ክህነት ከረን፡ ኣብ እዋን ክረምቲ ዕረፍቶም ምእንቲ ክሕግዙዎም።
3. ተመሃሮ ዓቢይ ገደም ዘርኣ ክህነት ከረን፡ ኣብ ቊምስናታትን ቤተ ጸሎታትን፡ ንቆሞሳት የማናይ ኢድ ብሙካዐ፡ ክሕግዝዎም፡
4. ተመሃሮ ዓቢይ ገዳም ዘርኣ ክህነት ከረን፡ እክዉል ተመክሮ ናይ ሰበካዉ ካህን ሕይወት ምእንቲ ከጥርዩን፡ ከምኡውን ንጸዋዕታኦም ከለልዩ ምእንቲ ክሕገዙን።
5. ኣብተን ቆሞስ ዘይበጽሐን ዓድታት፡ ግቡእ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ንምእመናን ከሳትፉን ክመርሑን፡ ኵነታት ምእመናን ብግቡእ ኣለልዮም ንቆሞሳት ክሕብሩን።
6. ኣብ ኣተሓሕዛ ሰነዳት ቊምስናን ቤተ ጸሎታትን ክተሓባበሩ

እዝን ካልእ ኣገደስቲ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ንምእመናን ምእንቲ ክህቡ እዩ፡ እቲ ቀንዲ ዕላማ።

እዚ መደብ እዚ ደርጋ ንምሉእ ሰበካ ዐ እዩ፣ ዝሽፍን፣ ብፍላይ ከኣ ነተን ቆሞሳት ዘይብለን ዓድታት ብቀጻምነት ዝረኣያ ስለዝኮና ዕዉት ወፍሪ ኮይኑ እዩ፣ ተረኪቡ። ሎሚ ኣብ ዝተፈላለያ ቍምስናታትን ቤተ ጸሎታትን ኣብ ኤጳርቅና ከረን፣ ጥርናፈን ምዕባለን መንእሰያትን ሕጻናትን፣ ከምኡውን ወልዲ ጸሎት ክመርሑን ክጽልዩን፣ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ዝርከብ ዘሎ እዩ።

ሎሚ ዓመት እምበኣር ከምቲ ልሙድ፣ ተመሃሮ ዓቢይ ገዳም ዘርኣ ክህነት ከረን፣ ናይ 2009/2010 መደብ ትምህርቶም ምስ ዛዘሙ፣ ድሕሪ ናይ ክልተ ሰሙን ዕረፍቲ፣ ካብ ዕለት 15- 17 ሓምለ 2010 ናይ ምስንዳው ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ገዳም ዘርኣ ክህነት ከረን ተዋሂብዎም። ድሕሪ እዚ ብዕለት 18 ሓምለ 2010 ነናብ ዝተመደበሎም ዓድታት ከምዝበጽሑ ተጌሩ። ስለዚ ንሓደ ወርሕን ክልተ ሰሙንን፣ ሓዋርያዊ ኣገልግሎቶም ድሕሪ ጌሮም ብ29 ነሓሰ 2010 ናብ ዓዓዶም ከምዝምለሱ ተጌሩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓ መት ክረምቲ ፍሉይ ዝገብሮ፣ ዝርግሐ ወፍሪ ተመሃሮ ኣብ ከባቢ መንሳዕን ኢራን፣ ስለዘግፍሐ ብሓቂ እቲ ከባቢ ንብዙሕ ዓመታት ትምህርቲ ክርስቶስ ተሓሪምዎ ዝጸንሐ፣ ሎሚ ዓመት ክረምቲ፣ ብሓቂ ምእመናን ናይቲ ከባቢ ምስጋንኦም ብሓጎስ ገሊጾም።

ብዝሒ ናይ ዝወፈሩ ተመሃሮ ሎሚ ዓመት ክረምቲ ካብተን ዝሓለፋ ዓመታት እቲ ዝወሓደ እዩ ኔሩ። ሎሚ ዓመት 25 ተመሃሮ እዮም ጥራሕ እዮም ወፊሮም ኔሮም። እዞም ተመሃሮ 8 ፍልስፍና ዝመሃሩ ክኾኑ እንከለዉ፣ እቶም 17 ከኣ ተሎግያ ዝገብሩ እዮም።

ኣብ መወዳእታ፣ እዚ መደብ እዚ ሰበካ ዐ ከረን ዓቢይ ወጻኢታት ብምግባር፣ ዓመት ዓ መት ብመገዲ ኮሚቴ ስነ መዕበያ ጸዋዕታ ክሰርዮ እንከሎ፣ እቲ ውጽኢቱ ድሙቕ ኮይኑ ስለዝተራእየ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ቆሞሳትን ምእመናንን ኤጳርቅና ከረን፣ ኣብዞም ተመሃሮ ዘለዎም ትጽቢት ልዑል ክንድዝኾነ፣ ክረምቲ መጺ፣ ተመሃሮ ክስደደሎም ዘቅርብዎ ጠለብ ዓቢይ እዩ። ስለዚ እግዚኣብሔር ንኣገልግሎቱ ዝተግሁ ከምኡውን ብጸዋዕታ ክህነት ዘገልግሉ መንእሰያት ንሰበካና በብእዋኑ ምእንቲ ክህበና፣ ናይ ወትሩ ጸሎት ሕዝብና እዩ።

ርሑስ ሓዲስ ዓመትን ቅዱስ ዮውሓንስ ይግበረልና!!

ኣባ መርሃዊ ሃብታይ
ኣወሃሃዲ ኮሚቴ ስነ መዕበያ ጸዋዕታ
ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን